# ሰንበት ዘቅበላ (2023)

## የካቲት 5 2015 ዓ.ም.(2/12/ 2015)

**መዝሙር፡** ወብዙኃን ኖሎት . . . ያዕቆብ ዕጡቕ ሕቑኡ ክሳብ ዝመጽእ ብዙሓት ጓሶት ነታ እምኒ ካብ አፍ ዔላ ክግልብጥዋ አይከአሉን። ንሱ ከፊቱ መጓሰኡ አስተየ፥ ከምኡ ብዙሓት ነብያት መጽኡ ግን ንጥምቀት ክሳብ ዓቢ ጓሳ ዝመጽእ ክኸፍትዋ አይከአሉን፥ ንሱ አብአ ብዙሓት አሕዛብ አጥመቐ፥ ተአምራት መድኀኒና ዘደንቕ እዩ፥ ከምቲ በትሪ ካብ ዘርኢ እሰይ ብአምሳል በትሪ ያዕቆብ መጓሰ አባግዑ ዝሕልወላ ዝወጸት ንሳ ማርያም እያ። ከም ዝበሎ በትሪ ክትወጽእ እያ ዕምባባ አብአ ክርእ እዩ፥ ንሱ ሓደ እዩ ንሱ ወዲ አምላኽ እዩ።

**ንባባት፡** ሮሜ 9፡1-17፥ 1ጴጥ 2፡12-19፥ ግ.ሓ. 7፡6-16፥ ዮሓ 4፡1-25

**ስብከት፡**

1.አግረረ ለነ አሕዛበ ታሕተ እገሪነ፥ ወኃረየነ ሎቱ ለርስቱ፥ ሥኖ ለያዕቆብ አፍቀረ።

2.በማኅበር ባርክዎ ለእግዚአብሔር፥ ወለአምላክነ በአንቅዕተ እስራኤል፥ ህየ ብንያም ወረዛ በኃይሉ መዝ. 68፡26።

እግዚአብሔር አብ ኦሪት ብዝተፈላለዩ ሰባት ገሩ በብዓይነቱ መልእኽቱን ድለቱን ገሊጹ። ሓደ ካብእዚኦም ያዕቆብ እዩ፥ እቲ ኩሉ ንሱ ዝገብሮ ዝነበረ አምሳል ነቲ ክመጽእ ዘለዎ ክርስቶስ ከምዘስምዕ ንርኢ። አብ ድሕነት ደቂ ሰብ ብዙሓት ከሰናድዉ ተላኢኾም። ማርያም እታ ኩሉ ዝተነግረ ትንቢት አብአ ዝተፈጸማ እያ። ክርስቶስ ካብአ ተወሊዱ ደቂ አምላኽ ናይ ምዃን መሰል አውሂቡና። ናይ ሎሚ መዝሙር ኦሪት አብ ሓዲስ ከም እተፈጸመን አብቲ ጉዕዞ ምቅርራብ ብዙሓት ልኡኻት አምላኽ ኮይኖም ንደቂ ሰብ ከምዝቐረቡን ይነግረና።

እዚ ናይ ሎሚ ሰንበት ሰንበት-ዘቅበላ ንብሎ። ዓቢ ጾም ንብዓለ ትንሣኤ ክንሰናዶ ምእንቲ ክሕግዘና እነሕልፎ ፍሉይ እዋን ስለ ዝኾነ ዘቅበላ ንብሎ። እንቅበሎ ካልእ አይኮነን ንርእስና አብ ቅድሚ አምላኽ ክነቕርባ ነቲ ካብ አምላኽ ዝፈልየና ዝኾነ ድኽመት ክንስሓሉን አብ መገዲ አምላኽ ክንምለስ ዝሕግዘና እዋን እዩ። ጾም ንነፍስና ቀጺዕና አብ መገዲ አምላኽ እንምለሰሉ እዋን ስለ ዝኾነ ሎሚ በዚ ብሩኽ ሰንበት ክንሰናዶ ክንቅረብ ንጾምና ብዓቢ ሃረርታ ክንቅበሎ እሞ ሕይወትና ክንሕድስ እንሰናደወሉ ጊዜ ኢና እንአቱ ዘሎና።

ወንጌል ናይ ዮሓንስ ንሎሚ ዝተነበ ንምቅርራብና ንጾም ፍሉይ ይገብሮ። ሰብ አብ ሕይወቱ ክልተ ጽምአት ይጓነፎ ስጋውን መንፈሳውን ጽምአት። እዚ ክልእቲኡ አብዛ ስማ ዘይጥቀስ ሰበይቲ ንርእዮ። ንሳ አብ ዔላ ያዕቆብ ምስ ኢየሱስ ተራኺባ። ንስጋዊ ጽምአ ክተርዊ ብቀትሪ አብ ጽምዋ ናብታ ዔላ ያዕቆብ ተባሂላ እትጽዋዕ ኩሉ ሰብ ዝወርዳ ወሪዳ። ብዙሕ ጊዜ አብ ሃገረሰብ ሩባ ዝወርድ ንግሆ ወይ ምሸት እዩ ቀትሪ ፀሓይ በርቲዓ እንከላ ዝኸይድ የለን ከይርአ

ከይፍልጥ ዝደለ እዩ ከምኡ ዝገብር ገለ ጸገም ዘልኡ እዩ። እዛ ሰበይቲ ዕትሮአ ተሰኪማ ቀትሪ ምድሪ ኣብ ሩባ ምስወረደት ማይ ከይቀድሐት እንከላ ሓደ ጋሻ ሰብኣይ እሞ ኣይሁዳዊ መጺእዋ። ቀትሪ ኣብ ጽምዋ እሞ ሰብኣይ በይኑ ክመጽእ እንከሎ ዘሰንብድ እዩ።

ንሳ ብሕይወታ ጸገም ዝነበራ ሰበይቲ እያ፥ መንፈሳዊ ጽእምኣት ዘጥቕዓ እያ ነራ በዚ እያ ካብ ሓደ ሰብኣይ ናብ ካልእ ትኸይድ ነራ እንተ ኾነ ሕጉስቲ ኣይነበረትን። ንኢየሱስ ክትረኽቦ እንከላ ምስ መበል ሻድሻይ ሰብኣይ እያ ነራ ግን ንኢየሱስ ሰብኣይ የብለይን ኢላቶ ምናልባት ምስቲ ዝነበረቶ እውን ሕጉስቲ ስለ ዘይነበረት ሻብዓይ ሰብኣይ ትጥምት ነራ ትመስል ሰብኣይ የብለይን ክትብል እንከላ።

ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ቍጽሪ ትርጉም ኣልኦም።ቍጽሪ ሽድሽተ ጉድለት ዕድል ናይ ድኽመት እዩ ዘመልክት። ስለዚ እዛ ኣብ ሻድሻይ ሰብኣይ በጺሓ ዘላ ኣብ ኩነታታ ሕማቕ ዕድልን ድኽመታትን ዝነበረት ሰብ እያ። ሸውዓት ብኻልእ ወገን ናይ ምልኣት ፍጽምና መደምደምታን ብቕዓትን እዩ። ኢየሱስ ኣብ ሕይወት እዚኣ ሰበይቲ ከም መበል ሻብዓይ ሰብኣይ ይመጽእ። ንሳ ኩሉ ዘልአ ትገልጸሉ እሞ ኣብ መጨረሽታ ኩሉ እቲ ብነፍሳ ጸሚኣቶ ዝነበረት ጽምኣት ትረኽቦ። እዚ እዩ ኣብ ናይ ነፍስ ወከፍና ኣብ ጊዜ ጾምን ኣብዚ እዋን ክንለብሶ እንደሊ። ኣብዚ ኢየሱስ ነዛ ሰበይቲ ኣብ ሕይወታ ክትመልስ ዝገበሮ ኣገባብን መላን ተመሊስና ኣብ ሕይወትና ክንገብሮ ዝግብኣና ክንፈልጥ ዝሕግዝ እዩ።

መጀመርያ ነፍስወከፍና ክንገብሮ ዝግብኣና ነቲ ኣብ ኣምላኽ ከይንምለስ ዓጊቱ ሒዙና ዘሎ ዶባት ክንፍንጥሶ ኣሎና። ደቂ ሰብ ኣብ ሕይወቶም ዶባት ፈጢሮም ኣብ ነፍሶም ጥራሕ ተሓጺሮም ክነብሩ ዝኽእሉ እዮም፥ ብሃገር፥ ብዓለት፥ ብሃይማኖት፥ ብጾታን ፈሊኻ ናይ ምኽኣል ግብሪ ኣልኦም። ኢየሱስ ኣብዚ ናይ ሎሚ ወንጌል ነዞም ሰብ ዝሰርሑም ወሰናስን ምስ ካልኦት ከይንራኸብ እሞ ኣብ ሕይወት ከይንምለስ ንዝዕንቅፉና ከመይ ገርና ክንብጥሶም ከም እንኽእል ይሕብረና። ነዞም ዝፈላልዩና ዘለዉ መናድቕ ክነፍርሶም እቲ ሓቀኛ መገዲ ይሕብረና። ነዛ ሰበይቲ ክመልሳ ነዚ ኣገባብ እዩ ተጠቒሙ።

ኣብቲ ጊዜ ኢየሱስ ዝነበረ ርድኢት ኣይሁድ ምስ ሳምራውያን ክራኸቡ ኣይፍቀድን እዩ። ናይ እዚ ምኽንያት ሳምራውያን ኣብ ጊዜ ስደት ኣሲርያውያን ብ722 ቅ.ል.ክ ካብ ሰሜን ወሪሮም ንሰመናዊ ክፍሊ እስራኤል ስለ ዝሓዝዎ እሞ ናይ ኣይሁድ ስርዓት ክወስዱ ስለ ዝጀመሩ እሞ ምስኦም ስለ ዝተዋሰቡ እቶም ኣብ ይሁዳን ካልእን ዝነበሩ ንሳምራውያን ዘይንጹሓት ገሮም ይሓስብዎም ነሮም። ነዚ ዝተዓዘቡ ኣርድእቲ ኢየሱስ ወላእኳ ክሓትዎ ኣይድፈሩ እምበር ምስ ሰበይቲ ክዛረብ ብምጽንሑን እሞ ምስ ሳምራዊት ኣይተሓጎሱን። ነዚ ርድኢት እዩ ከፍርስ ዝደለ ኢየሱስ። ናይ ትዕቢትን ክፍኣትን መናድቕ ኣብ ዓለት ወገን ዝተመስረተ ድኹም መንፈስ ከሸንፍ ኢሉ ነታ ሰበይቲ ነቲ ቀንዲ ነገር ክገብረላ ደልዩ። ነታ ሰበይቲ ማይ ኣስትይኒ ክብላ እንከሎ ነቲ ዝነበረ ፍልልይ ሰርዎ፥ ንስኻ ኣይሁዳዊ እንከሎኻ ንኣይ ንሳምራዊት ከመይ ኢልካ ማይ ኣስትይኒ ትብለኒ እናበለት ሓቲታቶ (ዮሓ 4፡9)።

ማይ ምልክት ሕይወት እዩ፥ ኢየሱስ ነታ ሰበይቲ ማይ ኣስትይኒ ክብላ እንከሎ ነቲ ጸሚኡ ዝነበረ ነፍሳ ማይ ሕይወት ከስትያ ስለ ዝደለ እዩ፥ ነቲ ሒዛቶ ዝነበረት ሕይወት ክትቅይር እሞ ኣብቲ ሓቀኛ መንጪ ሕይወት ክትምለስ ኢሉ ነዚ ሕቶ ኣቕሪቡላ።

አብቲ ኣብ መንጎ ኢየሱስን እዚኣ ሰበይትን ዝተገብረ ዕላል ኢየሱስ ነቲ ብግዚኡ ዝነበረ ድሑር ባህልን ርድኢትን ክስዕሮ ኢሉ ነዛ ሰበይቲ ኣብ ሕይወታ ኣትዩ ኣብኡ ክትኣምን ዓዲምዋ (ጉ 7) ክትፈልጦ ዘልአ ሓቢርዋ፥ ንሳ ዝበለቶ ሓቂ ከምዝኾነ ይነግራ (ጉ 17) በቲ ዝበለቶ መሰረት ኣብ ሓቂ ክትምለስ ይሕግዛ፥ ቀስ ብቐስ ነቲ ዝነበራ ጸልማት ሰጊራ ኣብ ብርሃን ከም እትኣቱ ገርዋ(ጉ 24፥25)።

ስለምንታይ እዩ ኢየሱስ ኣብዛ ሰበይቲ ዓቢይ ትእምርቲ ዘሕደረላ?ምኽንያቱ ንመጀመርያ ጊዜ ኣብ ሕይወታ ብሓቂ ዝርድአ ሰብ ረኺባ። በቲ ኩሉ ዝርኣየቶ ተገሪማ ዕትሮኣ ሓዲጋ እናጎየየት ንዓዲ ኣትያ ንደቂ ዓዳ ነቲ ንሳ ዝረኣየቶ ክርእዩ ነጊራቶም። ንዑ ኣነ ዝረኣኽዎ ርኣዩ ኩሉ ዝገበርክዎ ዝነገረኒ ሰብኣይ ርኣዩ እናበለት ኣብ ኢየሱስ ኣምጺኣቶም። ምናልባት ኣብ ሕይወታ ንመጀመርያ ጊዜ ከየጓነየ ዝፈለጣ ሰብ እዩ ነሩ። ከይፈለጥዋ እንከለዉ ወያ ሰበይቲ ሕይወታ ቀይራስ ሰባኺት ወንጌል ኮይና ንሰባት ኣብ ኢየሱስ ክተምጽእ ጀሚራ። ኣብዚ ዓቢ ትምህርቲ ንምሃር።

ንኢየሱስ ብልቢ ኣሚና እንተ ተቐበልናዮ መጀመርያ ውሽጣዊ ለውጢ ይመጸና ምስኡ ሓደ ስለ እንኸውን ንሰብከተ ወንጌል ንወፍር። ኣብ ኢየሱስ ዝኣመነ ንእምነቱ ምስካልኦት ከካፍሎ ነቲ ንሱ ዝኣምኖ ክሰብኽ ጊዜ ኣይወስደሉን እዩ። ሕይወት ናይ እዛ ሰበይቲ ነዚ እዩ ዘስተምህረና።

ኣብዚ ዘገርም ኣሎ እቶም ደቂ ዓዳ ነታ ሰበይቲ ንኹሉ ነጊራ ዘምጽኣቶም ሰበይቲ ዝመለሰቶም ዝሰበኸቶም ከይብሃሉ ኢሎም በቲ ንስኺ ዝበልክና ኣይኮናን ኣሚና በቲ ባዕልና ዝረኣናዮን ዝሰማዕናዮን ኢና እዚ ናይ ብሓቂ ነቢ ምዃኑ ዝኣመኑ ኢሎማ (4፥42)።

ኣብ ናይ ንስሓ ወይ ኣብ ናይ እምነት ጉዕዞ ክልተ ደረጃታት ኣሎ። 1. ምእማን ምኽንያቱ በቲ ሓደ ብዛዕባ ኢየሱስ ዝነገረና። 2. ምእማን ምኽንያቱ ባዕልና ብዝገበርናዮ ጻዕሪ ክንኣምን ክንክእል ከሎና። እዚ ክልተ መገዲ ኣብ ኢየሱስ የብጽሓና። ጾም ፍሉይ ጊዜ እዩ፥ ቤተ ክርስትያን ንኹልና እተቐርቦ ፍሉይ መጸዋዕታ ኣሎ በቲ ካልኦት ዘምጽኡልና ንኢየሱስ ክንፈልጦ ዘይኮነ ባዕልና ክንፈልጦ፥ ካልኦት ኢሎምና ዘይኮነ ባዕልና ኣብ ሕይወትና ብዝርኣናዮ ኣሚና ክንርከብ ትደልየና።

አብዚ ናይ ሎሚ ወንጌል ብዙሕ ክንምሃር ንኽእል።

- ኢየሱስ ኣብቲ ዘሎናዮ ይመጽኣና። እዛ ናይ ወንጌል ሰበይቲ ኣብ ዔላ መጺእዋ ንኣና እውን ብዝተፈላለየ መገዲ ይመጽኣና እዩ ምስኡ ዘተ ክንክእል ክንሰምዖ ክነለልዮ ይመጸና ኣሎ። ጊዜ ጾም ሓደ ካብቲ ኢየሱስ ከምዝመጽኣና ዝነግረና እዋን እዩ። ኣበሎና ኢየሱስ ከዕልለና፥ ከለልየናን ክንፈልጦን።
- ሕይወትና ክንቅይር ይደልየና። ነዛ ሰበይቲ ሕይወታ ርእያ ክትክእል ኢሉ ቀስ ብቐስ ቀሪብዋ። ልባ ክትከፍተሉ ኣየጸገማን፥ ንሱ እውን ነቲ ዘላቶ ሕይወት ክትቅይር እናወገዘ ኣይቀረባን። ሎሚ ንነፍስወከፍና ክንቅይር ደልዩ ይቀርበና ኣሎ እሞ ንስምዓዮ። ሎሚ ክንሕደስ ክንቅየር ክንቅደስ ዝዕድም እዋን ኢና ሒዝና ዘሎና።
- ስርዓታት ሰብ ጎድኣት ዝበዝሖ እዩ። ብጉድለትና ብኃጢኣትና ካብ ማሕበረሰብ ንወጽእ ሰብ ከአ ይግልለና። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ግን ኩልና ሓደ ኢና እኳ ድኣ ካብ

ኃጢአትና ክንምለስ ይደልየና፥ ዕድል ምስተረኽበ ክንጥቀመሉ የድሊ። ኣብ ማሕበር ክርስቶስ ክንአቱ ሕይወትና ንቐይር።

- ንኢየሱስ ክንጸምኦ ይግብአና። ማይ ሕይወት ክንሰቲ ኩሉ ጊዜ ኣብ ኢየሱስ ክንቀርብ ኣሎና እዛ ሰበይቲ ንኹሉ ጊዜ ካልአይ ከይጸምእ ሃበኒ ኢላቶ። ቅዱስ ጸሎት እዩ። ካብ ኢየሱስ እንደልዮ ከምእንረክብ ይሕብረና። ሎሚ እንደልዮ ክንረክብ እንልምነሉ እዋን እዩ።
- በቲ ኣምላኽ ዝገበረልና ክንምስክሮ ይግብአና። ኣብ ሕይወት ሰብ እቲ ዝዓበየ ትእምራት ካብ ኃጢአቱ ካብ ጌግኡ ክምለስ እንከሎ እዩ። ሕይወትና ፈሊጥና ኣብ ኣምላኽ ንመለስ እሞ ክንሰብኽ ክንጅምር ኢና። ጸጋ ዝተዓደለ ሰብ ዕጭኡ ምስባኽ እዩ። ቅ. ጳውሎስ ነቲ ኣባይ ሓዲሩ ዘሎ ክርስቶስ እንተ ዘይሰበኽኩ ወይለይ ከምዝበሎ ክንሰብኽ ትሑዛት ኢና።

በዚ ሰንበት ዘቅበላ እምብአር ንኢየሱስ ኣብቲ ክርኽበና ኢልና እንጽበዮ ንርከቦ። ሰብ ሕይወቱ ኣብ ጸልማት እንተሎ ክርኢ ይኽብዶ እዩ ክንርኢ ምእንቲ መጀመርያ ኢየሱስ ኣብቲ ከዊልና ዘሎ ጸልማት መጺኡ ከም እንርኢ ክገብረና ንለምኖ። ኣብቲ ዘለኽዎ ጸልማት ቂምታ፥ ክፍአት፥ ኃጢአት መጺእካ ርኽበኒ ንበሎ። ኣብ መጨረሽታ ዝገበርክዎ ዘበለ ዝነገረኒ ኣምላኽ ክትርእዩ ንዑ እናበልና ክንምስክር ኢና።

ነዚ ቅዱስ እዋን ጸጋ ለቢስና ክንአትዎ ባዕሉ ይሓግዘና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ